# ምዕራፍ 1

## መላለዪ

ኤርትራ ኣብቲ ብህውከት ዚልለ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ስትራተጅያዊ ኣቀማምጣ ዘለዋ፣ ሳላ'ቲ ን30 ዓመታት ዚተኻየደ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ 1991 ሓርነት ዚጨበጠት፣ ኣብ 1993 ረፈረንደም ብምክያድ፡ ናጽነት ዚኣወጀት፡ ንእሽቶ ሃገር ኢያ። ይኹን'ምበር፡ ቅያ ዘበለ ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዳ ከተብቅዕ፣ ኤርትራ ሎሚ ብስብርባር ናይ ዘይተማልአ ትጽቢታት፡ ናይ ዚተጠልመ መብጽዓታት፡ ናይ ዚበነነ ተስፋታት ሓርነት፡ ፍትሒ፡ ግስጋሴ ጋዕዝያ ትርከብ። ዕስራን ክልተን ዓመታት ድሕሪ'ቲ ክዉን ኰነት (*de facto*) ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሓለንጊ ምልካዊ ስርዓት እናተገርፈ፡ ዘይተኣደነ ጭቈናን ቀጻሊ ዘይቅሳነትን ይሳቐ፣ መንእሰያት ኤርትራ ድማ ካብቲ ኣደራዕ ኪሃድሙ ይጽዕሩ ኣለዉ። ግጉይ ምርጫታት ሜላን ዚባኸነ ዕድላትን ንተኸእሎ ምዕባለ ኤርትራ ናብ ሓንቲ ራህዋ ዚሰፈና ዞባዊ ማእከል ንግዲ፡ ኢንዳስትርን ኣገልግሎታትን ዓጊቱ፤ ኣምሳይኡ፡ ኣብ ታኼላ ናይ ዝባኑ ዚቐልዐ ድኽነትን ኣጠቓላሊ ተነጽሎን ደቒዲቑዋ ይርከብ።

ምድረ ዘመናዊት ኤርትራ፡ ከም መበገስን ሕመረትን ናይቲ ጥንታዊ ኣኹሱማዊ ስልጣኔ፡ በዓል ነዊሕ ታሪኽ ኢዩ። ኤርትራ ኣብ ቃራና መንገዲ- ታሪኽ ዓወት፡ ጥልመትን ተስፋን ሓጺር ስእሊ ኣመዓባብላ ኤርትራ፡ ከም ውጽኢት ናይቲ መግዛእታዊ ላቔባ ዌስትፋልያዊ ስርዓት (*Westphalian* order) ኣብ መሬት ኣፍሪቃ፡ ተቕርብ። ነቲ ብቐጻሊ ተጻብኦታት ግዳማዊ ምትእትታው ዚተዓናቐፈ ነዊሕ ጒዕዞ ኤርትራ ናብ ርእሰ-ውሳኔ ትድህስስ። ታሪኽ ጅግንነታዊ ዓወት ኣብ ቃልስን ዜሕዝን ፍሽለት ኣብ ዓወትን ተዘንቱ። ንመዝገብ ዕዮ መንግስቲ ድሕሪ ናጽነት ትግምግም፣ ንናይ ዘመናት ሃረርታ ህዝቢ ኤርትራ ንሰላም፡ ንናጽነት፡ ንፍትሕን ንራህዋን ዜማልእ፡ ንህዝቢ ሓቀኛ ስልጣን ዜውህብ፡ብግቡእ ዚሰርሕ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምርግጋጽ፣ ኣድላዪነት ተሃድሶን ዳግመ-ህንጸትን ተነጽር።

ከም ቀዳመይቲ ናይተን ዓሰርተው ሸሞንተ ምዕራፋት ድማ፡ ምዕራፍ 1 - መላለዪ ሓጺር ጽማቕ ናይ ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ በብተርታ ተቕርብ።